Voice of Liberty News
ድምጺ ሓርነት
30 ግንቦት 2004

ኣቶ ኣልኣዛር መስፍን መን ኢዩ?

ኣልኣዛር ብ1948 ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ፣ ቀዳማይን ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ልኡል መኰንን ኣስመራ ወዲኡ። መእተዊ ዩኒቨርስቲ መርመራ ሓሊፉ ድማ ብ1967 ናብ ኣዲስ-ኣበባ ዩንቨርሲቲ ትምህርቱ ቀጺሉ፣ ብስነ-ቁጠባ ብባቸለር ዲግሪ መዓርግ ተመሪቑ። ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ስራሕ ምስ ጀመረ ከኣ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኤርትራ ይቃወም ስለ ዝነበረ፣ ምስቶም ብሃገራዊ ጉዳይ ዝግደሱ ኤርትራውያን ተወዲቡ ኪተሓባበር ድሕሪ ምጽናሕ ብ1975 ዓ.ም ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ተሰሊፉ።

ኣብ ሜዳ ዝግባእ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ድሕሪ ምቕሳሙ ድማ ኣብ ክፍሊ ምልክት ተመዲቡ፣ ነቲ ኣብቲ እዋን ዝብገስ ዝነበረ ክፍሊ ኣብ ምውድብን ምድላድልን ኣብርኪቱ። ነዊሕ ከይጸንሐ ግን ኣብ ንግድን-ሸቐጥን፣ ከም ሓላፊ ጨንፈር ተመዲቡ ብልዑል ተወፋይነትን እምነትን ኣገልጊሉ። ብድሕሪኡ ኣብ ሓይልታት ተወዚዑ ኣብ ድፋዓት ከም ተራ ተጋዳላይ ድሕሪ ምውጋኡ ነዊሕ ከይጸንሐ፣ ሓላፊ ክፍሊ ንግዲ ኮይኑ ክሳብ 1987 ሰርሐ። ኣብ ክፍሊ ንግዲ ሓዲስ ቅርጺ ኣትሒዙ፣ ስሉጥ ናይ ስራሕ ኣገባብ ኣተኣታትዩ፣ ብቑዓት ኣባላት መልሚሉ፣ ነቲ ስራሕ ምስ ብጾቱ ብክእለትን ፍልጠትን ዝመርሐ ኪኢላ ተጋዳላይ እዩ።

ኣልኣዛር መስፍን ንስርሑ ብዕምቈት ዝፈልጥ ምሁር ሓላፊ ስለ ዝነበረ፣ ንዘኾነ ዘይ ሕጋውን ፍኑው ምትእትታው ናይ ካልኦት ዝቃወም፣ ንዝኣምኖ ሓቂ ዝጣበቕ፣ ብቐሊሉ ዘይጸዓድ ተጋዳላይ ስለ ዝነበረ ከኣ፣ ድሕሪ 2ይ ጉባኤ ኣብ ዝተገብረ ዳግመ-ምውዳብ ክፍልታት ካብቲ ዝነበሮ ጽፍሒ ሓላፍነት ለጠቕ ኢሉ፣ ኣብ ገርማይካ ፍሉይ ሓላፍነት ተዋሂቡዎ ምስ ሱዳን ዝተኣሳሰረ ቑጠባዊ ስርሓት እናሰርሐ ክሳብ ናጽነት ኣገልጊሉ።

ተጋዳላይ ኣልኣዛር ድሕሪ ነጻነት ኣብ ኣስመራ ኣብ ሚንስትሪ ፋይናንስ ዋና ዳይረክተር ጉምሩክ ኰነ። ነቲ ዝጸንሐ ናይ ስርዓት ደርግ ብልሽው ኣሰራርሓን፣ ጉቦን ምጥፍፋእን ኣብ ክፍሊ ጉምሩክ ምስቶም መሳርሕቱ ብጾት ኣተዓራርዩን ኣጻፊፉን መልክዕ ብምትሓዝ መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ዓቢ ጻዕርን ኣበርክቶን ገይሩ። ኣብ'ዚ ኣሃዱ'ዚ እንክሎ ኤርትራ ወኪሉ ኣብቲ ቀዳማይ ናይ ኢጋድ ኣኼባ ተሳቲፉ።

እንተኾነ ኣብቲ ክፍሊ ዘይተጻረየ ንምጥፍፋእ ዝምልከቱ ክስታትን፣ ካዝና መንግስቲ ብዘይ ኣገባብ ንምኽዕባት፣ ካብቲ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ዝወጸ ሰፍ ዘይብል ዕዳ ብፍላይ ንነጋዶ ኪስላዕ እንክሎ ከኣ፣ ኣልኣዛር መንቀሊ ናይቲ ግስሩጥ ኣሰራርሓ ከየገደሶ፣ ሕጋዊ ቅዒ ናይ ኣሰራርሓ ኪኽተልን፣ ዘይቅዩድ ስሚዒታዊ መምርሒታት እናተቓወመ ነቲ ኣሃዱ ሕጊ ተኸቲሉ ኽሰርሕ ተቓሊሱ። እዚ ከኣ ኣብ ዘይድለ ህልኻትን ሕልኽልኻትን ኣብ ስርሑ ኺ እንተፈጠረሉ፣ ብነብሰ-ተኣማንነት መኪቱ።

ብድሕሪዚ ተጋዳላይ ኣልኣዛር ካብ ስራሕ ተቐይርካ ብዝብል ምስምስ ንሓደ ዓመት ብዘይስራሕ ድሕሪ ምድስካሉ፣ ካብ ስራሕ መደስከሊኡ መኽንያት ከይተገለጸሉ፣ ናብ ዞባ

ደቡብ ብደረጃ ዳይረክተር ጀነራል ቁጠባዊ ጉዳያት ናይቲ ዞባ ተመዲቡ፣ ነቲ ሽዑ ዝቖመ ሓዲስ ኣሃዱ መስሪቱ ስርሓቱ ብንጥፈት ቀጸለ።

ብ1997 ዓ.ም ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኰይኑ ተመዲቡ። ኣብ'ዚ ዞባ እንከሎ ዶባዊ ኲናት ምስ ኢትዮጵያ ስለ ዝተጀመረ፣ ነቲ ስራሑ ዕንቅፋት እኳ እንተፈጠረሉ ብኒሕን ሓቦን ሰጊርዎ። ኣብ'ዚ ስራሕ እንከሎ ድማ ብ1999 ዓ.ም ዕ ድል ማህደረ-ትምህርቲ ረኺቡ፣ ንሓደ ዓመት ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንትምህርቲ ከይዱ ብህዝባዊ ምምሕዳር ማለት Public Adminstration ብናይ ማስትርይት መዓርግ ድማ ተመሪቑ።

ተጋዳላይ ኣልኣዛር ኣብ ሃገር ኣሜሪካ ኣብ ትምህርቲ እንከሎ 3ይ ዙርያ ውግእ ምስ ኢትዮጵያ ስለ ዝተጀመረ፣ በቲ ኩነታት ተሻቂሉ ንዓዲ ኪምለስ ተሃንጥዩ ከዕለብጥ ዝርኣዩ መማህርቱ፣ ሎሚ ስለምንታይ ተኣሲሩ ዝገርሞም ብዙሓት ኢዮም።

ኣልኣዛር ትምህርቱ ወዲኡ ምስ ተመልሰ ነቶም ብሰንኪ ኹናት ዝተመዛበሉ ዜጋታትና ክትኣሊ ተባሂላ ዝቖመት "ቁጠባዊ ተሃድሶ ቦርድ" ኣባል ኮይኑ ኪሰርሕ ጀሚሩ። እቲ ቦርድ ንምቛምን ኣሰራርሕኡ ንምውዳብን በቲ ዘሎ ብሮክራሲ ናይቲ ስርዓት ስለ ዝተዓናቐፈ ነዊሕ ጊዜ ወሲዱ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኢድ ምትእትታው ዝበዝሖ ወዛል ምሕደራ ስለ ዝነበሮ ብስርሑ ዕግበት ኣይነበሮን። እቲ ኣብ ኣመሪካ ዝደለቦ ፍልጠት ካብቲ ቀደም ዝሰርሖ ዝነበረ ስራሕ ዝያዳ ንከበርክት ብቕዓት ደሪቡ ኳ እንተነበረ፣ እቲ ስርዓ ት ቁም-ነገር ትምህርቲ ስለዘይርድኦ ኣብ ከብርክተሉ ዝኽእል ስራሕ ኣይመደቦን። ብዝኾነ ኣልኣዛር ኣብ ስርሕ እንከሎ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2001 ዓ.ም ብዘይ ክሲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣቱ ኮይኑ።

ተጋዳላይ ኣልኣዛር ካብ 5ተ ኣወዳት ኣሕዋቱ ራብዓይ ርእሱ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ተሰሊፉ። ክልቲኦም ኣሕዋቱ ብጅግንነት ኣብ ኲናት ተሰዊኦም። እቲ ቀዳማይ ስውእ ሓዉ፣ ብ1977 ኣብ ናቕፋ ዝተሰውአ፣ ህቡብ ጅግና ተጋዳላይ ፍቕረ መስፍን እዩ። ካብቶም ዝተረፉ ክልተ ኣሕዋቱ፣ ሓደ ሓዉ ከቢድ ማህረምቲ ክልተ መሓውር ዘለዎ ስንኩል ኢዩ። እቲ ካልኣይ ኣብ ገዛ ዝተረፈ ከኣ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ብፖለቲካ ኤርትራ ተኸሲሱ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብክቱር ስቓይ ናይ ሓንጎል ጸገም ዘሕደረ፣ ብስድርኡ ዝናበ ዘሎ ስንኩል ኢዩ። ኣብዚ እዋን እዛ ወሊዳ ንሃገር ዘረከበት ስድራ ኣልኣዛር ዝኣልያን ዘልዕላን ውላድ ተሓሪማ፣ ኣደዳ ጓሂን ስቅያትን ኮይና፣ ኣብ ከርፉሕ መነባብሮ ትርከብ ኣላ። እዚ ኣብ ስድራ-ቤት ኣልኣዛር ወሪዱ ዘሎ ጸበባ፣ ናብ ብዙሓት ኤርትራውያን ወለዲ ዝተባጽሐ ኣደራዕ ምዃኑ ኹላትና ንፈልጦ እዩ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣልኣዛር መስፍን ሓደ ካብቶም ንወለዱን ስድራ-ቤቱን ዝዕ ንግል ዝነበረ ካብ መስዋእቲ ዝተረፈ ውላድኩም፣ ሎሚ ነዚ መንግስቲ ተቓዋሚ ተባሂሉ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ተዳጒኑ ኣሎ።። ኣበይ ከም ዘሎን፣ ከመይ ከም ዘሎን ሃለዋቱ ኣይፍለጥን።። ተጋዳላይ ኣልኣዛር ከቢድ ናይ ሽኮር ሕማም ስለ ዘሕደረ፣ ናብ ሕክምና እናተመላለሰ፣ ብሓገዝ መራፍእን ክንክን መግብን ኪሳለ ጸኒሑ። ሕጂ ግን፣ ክንክን ስድራ-ቤቱ ሲኢኑ፣ ኣብ ግቡእ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዘይረኽበሉ ጸልማት ተቀይዱ ኣሎ።

ክቡር ህዝብና፣ ኣልኣዛር መስፍን ምስቲ ዘለዎ ልዑል ትምህርትን ተመኩሮን ኣብ ዝኾነ ሰሪሑ ንኪነብር፣ ብዙሕ ኣማራጺታት ነይርዎ። እንተኾነ ሕሰም ህዝቡን ሃገሩን ስለ ዘቐደመ ተጋዲሉ፣ እታ ሃገራዊ እጃሙ ድማ ብቆራጽነትን ትብዓትን ኣበርኪቱ። ጻማ ኣበርክቶኡ ከኣ ማእሰርትን ስቓይን ኮይኑ ኣሎ። እዚ ግፍዒ ዚ ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም እናተፈጸመ፣ ካብ ማዕዶ ክትዕዘቡ ስለ ዘይግባእ ከኣ ኩሉ ሕልና ዘለዎ ኤርትራዊ፣ ንመሰል ናይዚ ንጹህ ዜጋ ክትሓቱ፣ ነቶም ንብጾቶምን ህዝቦምን ዘሳቐዩ ዘለዉ ሕልንኦም ዝሸጡ ሰበ-ስልጣን ከኣ ፎእ ክትብልዎም ግዴታ ኣሎኩም። ንመሰል ካልኦት ዘይተጣበቐ፣ ንመሰሉ ኪጣበቕ ኣይክእልን ስለ ዝኾነ።